# ልደት 2001 ዓ. ም.

**ንባባት** (ዕብራውያን 1፡1-6 1ዮሓን 4፡9-15፥ ግ. ሓ.13፡ 16-26 ሉቃ 2፡15-20)

## "ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም እግዚአቢሔር ዚሕጎሰሎም"።

መላእኽቲ ሰማይ ንልደት መድሓኒ በዚ መበሰር ቃል ጀሚሮሞ። ንሰባት መድሓኒ ኣብ መንጎኹም ተወሊዱ ኣሎ ስለዚ ተሓጎሱ እናበሉ ብስራትን ዕድመን ኣወጁሎም።

ቅ.ዮሓንስ ወንጌላዊ ቃል ሥጋ ኮነ እናበለ ውህደት ኣምላኽ ኣብ ባሕሪ ፍጡር ገሊጹልና። እዚ ፍጹም ሓጎስን ተሓድሶ -ተፈጥሮን ስለ ዝኾነ መላእኽቲ ክእውጅዎ ግድን እዩ ነሩ። ስለምንታይ ኣምላኽ ነዚ መሪጹ? እቲ ብሂግ ዝፈጠሮ ፍቑር ፍጡሩ ስለ ዝጠፍኦ ኣምላኽ ክደሊ ንፍጡሩ ግድን ኮይኑ። ምክንያቱ ብኣርኣያን ኣምሳልን ዝተፈጥረ ምሩጽ ፍቅሪ ኣምልኽ ዝተገልጸ ፍጡር ጽላኢ ስለ ዝተዓዊትሉ።

ድሕሪ ውድቀት ኣዳም ተፈጥሮና ኣብ ሕሰም እዩ ነሩ ባዕልና ብዝፈጠርናዮ ውድቀት ዝተበደለ ኣምላኽ ንዝጠለመ ፍጡሩ ክምሕር እንተዘይ ኮይኑ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረን ስለዚ ኣምላኽ ክምሕር ድላዩ ኮንይኑ ነቲ ሓደ ወዱ ልኢኹ። እዚ እዩ ምስጢር ልደት። ስለዚ እምብኣር፦

### ፩ ልደት መዓልቲ ምሕረት እዩ።

ሰብን እግዚኣቢሔርን ዝተዓርቁሉ። ካብ ጥንቱ ኣምላኽ ንዝጠፍኤ ፍጡሩ ኩሉ ግዜ ንመኣዲ ምሕረት ምስዓደሞ እዩ። ሰብ ግን ሕሱም ጸላኢ ስለ ዝገበረ ንዕድመ ፈጣሪኡ ይነጽግ ሽዑ ዝተኸልዐ መዓልቲ እንከሎ ኩሉ ይጽልምቶ። ኣምላኽ ክምሕር ሰብ ክአቢ ዜመናት ሓሊፉ። ዘመኑ ምስ በጽሔ ግን ካብ ድንግል ባሕርና ለቢሱ ብኹሉ ንኣና መሲሉ ተወሊዱ። ትስብእቲ ኢየሱስ ነቲ ዝወደቐ ሰብ ናብቲ ንቡር ምምላስ እዩ። እዚ ንኣና ንደቂ ኣዳም ልዕልቲ ዘጥፋእናዮ ጸጋ ውሉድነት ኣልቢሱና። በዚ ልደት መዓልቲ ዕርቂ ንብሎ። ዝተማሕረ ፍጡር ክምሕር እውን ከምዘለዎ ልደት የዘኻኽረና። ክንምሓርን ክንምሕርን ምቹእ ግዜ ዝህብ ቅዱስ እዋን። ንመን ክምሕር እዩ እቲ ዝድለ ዘሎ፡ ባሕርና ድሕሪ ውድቀት ኩሉ ግዜ ዝንባሌ ንውድቀት ለቢሱ ንምሕረት ብዙሕ ግዜ ብማዕዶ ንጥምታ እንተኾኔ ኣምላኽ ንዝወደቀ ሓውና ሓፍትና ንምዲ ምሕረት ክሳተፉ ናትና ደገፍ ከምዘድሊ ፈሊጥና ኩሉ ግዜ መሓርቲ ክንከውን። ምሕረት እናትዛነኻ ዝፍጸም ጉዳይ ኣይኮነነን እንታይድኣ ደም እናጠዓመካ ምእንቲ ኣምላኽይ ኢልካ እትገብሮ ፍሉይ ተወፋይነት ዝሓትት ጉዳይ እዩ። ተቤዲልካ እንኮሎኻ ንዝበደልድ ወገንካ ምሒረ ኣሎኹ ምባል። ልደት መድሓኒና ነዚ እዩ ዘዘኻኽረና።

### ፪ ልደት መዓልቲ ሰላም ዝተኣውጀሉ እዩ።

ሰላም ክብሃል እንከሎ ተፈጥራዊ ሰላም ማለት ባሕሪ ደቂሰብ ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ርክብ ካብቲ ዝነበሮ ንልዕሊ ኣብ ባሕሪ ኣምላኽ ክለብሰሉ ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ ክብ ዘብል እሞ ውሽጣዊ ሰላምን ምሉእ ርግኣት ዝፈጥር እዩ። ሰላም ከስ ንኣምላኽ ምምሳል ማለት እዩ። ሓቀኛ ሰላም ኣብ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ ዝርከብ። ንሓዋርያቱ ክፋነዎም እንከሎ ሰላመይ እህበኩም ኣሎኹ ኢሉ ዝልዓለ ምልክት ህላዌኡ ሂብዎም። መላእኽቲ ንዚ እዮም ኣበሲሮም። ሰባት ከኣ ኣብዚ ካሳተፉ እዮም ተዓዲሞም። ዕድመ ልደት ዕድመ ሰላም እዩ። ሎሚ ነዚ ቅዱስ ዕለት ክንዝክር እንከሎና ፍሉይ መልእኽቲ ዘመሓላልፈልና ኣለዎ ኣብ መዲ ሰላም ምስ ኣምላኽ ምስ ሓውና ምስ ኩሉ ክንኣቱ። ንጸላእ ሰላም ከኣ መገዲ ሰላም ብድፍረት ክንሕብሮ።

ልደትና ዝኽሪ ጥራሕ ኣይኮነን መዓልታዊ እሽታና ዝሓትት ንኣምላኽናን ሓውናን እንዕረቐሉ ፍሉይ ጺጋ ዘስፍን እዩ። ኣብ ዓለምና ንሰላም ብብዙሕ ዝገልጽዋ ኣለዉ። ሰላም ግን ካብቲ ክርስቶስ ዝሃበና ንላዕሊ ካልእ ትርጉም የብላን። ንሱ ኸኣ ንኣምልኽ ኣብ መንጎና ምሕዳሩ እዩ። ኢሳይያስ ነቢ መድሓኒ ኣማኑኤል ከም ዝብሃል ኣቐዲሙ ነጊሩ ኔሩ ትርጉሙ ኸኣ እግዚኣቢሔር ምሳና ማለት እዩ። እቲ ቅድሚ ክልተሽሕ ዓመት ዝተወልደ ክርስቶስ ሎሚ እውን ኣብ መንጎና ክሓድር ድላዩ እዩ። ሎሚ ኣብ ልብና ኣብ ስድራና ኣብ ሃገርና ኣብ ኩሉ ዝምድናታትና ክውለድ ይደሊ ኣሎ። ኩልና ኣመንቲ ክንወፍረሉ ዝሓትት ገፍሕ ግራት። ወድሰብ ሎሚ ኦሰላም ኣበሎኺ እናበለ ጽምኣት ሰላም ኣብ ዘለዎ ግዜ ኩልና ኣብ ልብና ተመሊስና ልኡኻት ሰላም ክንከውን።

## ፫ ~ ልደት እዋን ምልጋስ እዩ።

ትሑታት ጓሶት ሰናይ ዜና ምስ ሰምዑ ተቐላጢፎም ህያባቶም ሒዞም ናብቲ ዝተበሰሮም ክምዝጎየዩ ወንጌል ይነግረና። ልደት ካብ ዘሎና ካብቲ ኣምላኽ ዝሃበና ክነካፍል ከምዝግባእ የዘኻኽረና። ህያብ ፍረ ፍቕሪ እዩ። እግዚኣቢሔር ብዝተፈላለየ መንገዲ ህያባቱ ሂቡና ካብቲ ዝሃበና ንጽጉማት ክነካፍል እንክሎና በረኸት ኣምላኽ ኢና ንቕበል ብዝያዳ ልደት ብዓቢኡ ክርስቶስ ከም ህያብን ኣምላኽ ብርእሱን ኮይኑ ካብ ኣቡኡ ተዋሂቡና ነዚ ሕይወት ዝህብ ህያብ ምስካልኦት ክንካፈሎ እምነትና ይግድደና። ዓለምና ብጸበባ ትሸጊራትሉ ኣብ ዘላቶ እዋን ናይ ኩልና ተሳትፎ ዝሓትት እዋን ኢና በጺሕና ዜሎና። ስደት ጥመት፥ ጽልኢ ኣብ ኩሉ ይርኤ ኣሎ እሞ ንጭኑቕ ሓውና ሓፍትና ካብ ዓዘቕቲ ሞት ክነተንስእ ልደትና ይግድደና። ከምቲ ኣቦና ኣዳም ምስጠፍኤ ኦ ኣዳም ኣበሎኻ ፍጡረይ ኢሉ ዘናደዮ እሞ ተስፋ ድሕነት ዘተሰፌዎ ሎሚ ኩልና ብክርስቶስ ኣሕዋት ንዝጥፍኤ ኣበሎኻ ኣበሎኹ እናበልና እነናዲ ንሕና ኢና። መግዲ ድሕነት እንሕብር ንሕና ኢና፡ ኣምጻእትን ዘራእት ሰላምን ሕና ኢና፡ ንዝጠመዩ እንዕንግል ንሕና ኢና፡ ውንጌል እንሰብኽ ንሕና ኢና፡ ንኣምልኽ ጠፊእዎም ንዘለዉ መገዲ እንሕብር ንሕና ኢና። ልደት እምብኣር ኣብቲ ሓቀኛ ተልእኮና ዝመልሰና እዩ። እዚ ኹሉ ዋጋ መስዋዕቲ ይሓተና።

## ፬ ~ ልደት መዓልቲ ነጻነት መዓልቲ ሕድገት እዩ።

ንባባትና ነጻነት ሓርነት ዝተኣወጆ ኣብ ልደት መድሓኒና ምኽኑ ይገልጹልና። ነጻነት ዝዓበየት ህያብ ኣምላኽ እያ። ወዲ ሰብ ነጻነት ከጥፍእ እንከሎ ዝለዓለ ህያብ ኣጥፊኡ ማለት እዩ። ክርስቶስ ኣዋጅ ሰላም ኣዋጅ ነጻነት እዩ። ነጻነት ክብሃል እንከሎ ድላይካ ምግባር ማለት ኣይኮነን ነጻነት ሰብ ምስ ኣምላኹ ሓደ ክኸውን እንከሎ ጥራሕ እዩ። መን ነጻነትና ክሕድገና ይኽእል? ካብ መንከ ነጻ ክንከውን ይግባእ? ነጻነትይ ዘሕድጉ ከማይ ሰባት ሰይጣን ዝተዓወትሎም፥ ናተይ ግላዊ ድኽመታተይ፡ ኣብ ከባቢኤይ ዘሎ ስርዓት ምሕደራ፡ እቲ ጸገም መበቆሉ ብዙሕ እዩ። ትስብእቲ ክርስቶስ ቀዳማይ ተልእኮኡ ነጻነት ምእዋጅ እዩ። ደቂ ሓርነት ኢና ኣምላኽ ከኣ ነዚ ሓርነት ሓንሳብን ንሓዋሩን ሂቡና ። ነጻነት ምስ ሕድገት ዝተተሓሓዘ እዩ። ቅ.ዮሓንስ መጥምቕ ተነስሑ ሓጢኣትኩም ክሕደገልኩም እዩ እናበለ ሰቢኹ። ሕድገት ሓጢኣት ምስ ልደት ክርስቶስ እዩ ዝኸይድ። ነጻነት ክነስተማቕር ነጻነትን ሕድገት ሓጢኣትና ክንረክብ ኣሎና ንሱ ኸኣ ካብ ክርስቶስ እዩ ዝውሃበና። ሎሚ ብነፍስን ብስጋን ነጻነትና ክንእውጅ ይግብኣና ንዝኾነ ንናጽነትና ዝግህስ ሓይሊ መንፈስ ክርስቶስ ልቢስና ብዘይ ፍርሒ ክንግጥሞ ኣሎና። ልደትና ልደት ክርስቶስ ይግበረልና። መላእኽቲ ዘበሰርዎ ሰላም ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ሰፊኑ ነጻነት ነፍስን ሥጋን ኣልቢሱ ምሕረትን ዕርቅን ይኣውጀልና።

በዚ ኣጋጣሚ ንኹልኹም መፍቀርቲ ሕፃን ኢየሱስ ብሩኽ ልደትን ጥምቀትን እምነየልኩም። ኣብ ሃገርናን ዓለምን ምሕረትን ሰላምን የውርደልና።

**ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ**
Seattle WA